





ሓርበኛ ተጋዳላይ ሓምድ ማሕሙድ ረቢ ይርሓምካ, ዉሕድ ዶ ተሳቚኻ, ብሰላም ዕረፍ, ኣብ ጎድኒ ምቃልስትኻ, ተቃሊስካ ኣቃሊስካ, ብጅግንነት ኣብ ዓውዲ ውግእ ዝተዋጋእካ, ህያውዩ ታሪኽካ, እንታይ እሞ ይገበር, ንደቀባታ ዘይኮነት ሃገር, ሓርበኛ ዶ ኣብ ስደት ይቕበር,,

ገለ ናትካ ተዘክሮታት ኣሎኒ, ተሃንዲዱ ዝመጸ ሰራዊት ደርጊ, ጸጊቡ ገዳይ እንዳበለ, ካብ ኣቑርደት ንተኸረረት ክኣቱ, ሰራዊት ሓርነት መሲልዎ ሰንባዲ, ከፍርስ ናይ ጀጋኑ ዕርዲ,, ኣብ ሩባ ባርካ ተቀቢሉ ፍርዲ,,

ከቢድ ብረት ዝጸዓና መካይኒ ጀብሃ ዓባይ, ንመጀመርያ ግዜ ብቐትሪ, ምሳኻ ስዉእ ተጋዳላይ ዓብደላ እድሪስ,ምስ ክልቴኹም ናይ መጀመርታ ሌላይ, ንምሸቱ ጀጋኑ ሰራዊት ሓርነት፣ ድርብ ሓሞቱ, ንቑርደት ሃጂሙ, ኣብ ማእከል ሰራዊት ደርጊ ብብሬን ብካላሽንን ብኣርበጂ, ጓይላ ተኺሉ,,

ከም መሪሕ ሓላፍነት ተቀቢልካ, ንስካ ደሃይ ሰራዊት ሓርነት ክትገብ, ሬድዮ ሒዝካ, ሃሎው ንቃርዑበል ሃሎው ንራህያ

ዓባይ, ሰራዊት ሓርነት ብሰላም ተመሊሱ ዶ ንዝብል ሕቶ, እወ ምስ ኮነ እቲ መልሲ,

ይዝከረኒ ሹው ጅግና ስዉእ ዓብደላ እድሪስ፣ ሕጂ ግርም ኢሉ ክድቅስ ከሎ, ጅግና ሓምድ ማሕሙድ ካብ ተበገሰካ, ረቢ ኣብ ጀና ይቀበልካ, ሰብ ኣይነብርንዩ, ታሪኽዩ ንባሪ, ሃገረይ ዝበለ ወትሩ ተዘካሪ,ሕድሪ ቀዳሞት ዳሕረዎት ተቐቢልና, ናይ ሓርነት ቃልሲ ክንቅጽሎ ኢና, ይቕሰን መቓብርኩም ስዉኣትና, ንስድራቤቱን ንመቃልስቱን ጽንዓት ያሃበና, ኣሚን ኣሜን፣

ብሽም መሰረታት ዞባ ጀርመንን፡ ብሽም ፈተውትኻን ብጾትካን፡ በርሀ ዑቁባዝጊ፣ ወኪል ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣብ ሃገር ጀርመን፡ ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ።